## ሓበሬታ ዜጋ ወጻኢ ሃገር ንዝኾንካ

# ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ኣብ እዋን ስራሕ ምስኣን

ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ፡ ነቶም ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ስራሕ ዝሰኣኑ፡ እሞ ስራሕ ንምርካብ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ምዝዛም ዘድልዮም ዚወሃብ ሓገዝ'ዩ። ኣብቲ እትቕመጠሉ ኮሙን ኢኻ ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ትሓትት።

## ንደገፍ ፈለማ ትምህርቲ መሰል ዚህቡ ዓይነታት ትምህርቲ

እቶም ንደገፍ ፈለማ ትምህርቲ መሰል ዚህቡ ዓይነታት ትምህርቲ እዞም ዚስዕቡ'ዮም፡-

- ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣባጽሕ (komvux) ብደረጃ መባእታውን ካልኣይ ደረጃን ዚወሃቡ (ምስዚኣቶም ዘይጽብጸቡ፡ ትምህርቲ ኤሰፊ (SFI)፡ መመሓየሺ ትምህርቲ (uppdragsutbildning) ወይ ምስ ስራሕ ተልመደን ዚጣመሩ ኮርሳት እዮም።)
- ኣብ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ (folkhögskola) ብደረጃ መባእታውን ካልኣይ ደረጃን ዚወሃቡ ሓፈሻውያን ኮርሳት።

## ሓገዝ ፈለማ ትምህርቲ ንምርካብ እንታይ ይጥለብ፧

ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ክትወስድ መሰል ኪህልወካ፡ ከተማልኦም ዘለካ ሓደ-ሓደ ኣብዚ እነሀዉ፡-

- ዕድመኻ ካብ 25–60 ዓመት እዩ (መሰል ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ፡ ካብታ 25 ዓመት ትመልኣላ ዓመት ጀሚሩ ክሳዕታ 60 ትመልኣላ ዓመት ንዘሎ ግዜ ይምልከት)።
- ኣብዘን ዝሓለፋ 12 ኣዋርሕ□ እንተወሓደ ብድምር ንሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ብዘይ ስራሕ ጸኒሕካ ኣለኻ። ኣብ መደብ እቲ ፖለቲካዊ ዕዳጋ ስራሕ ተመዝጊብካ፡ ወይ ኣብ ተበግሶታት መደብ መትከሊ እግሪ ተሳቲፍካ እንተኾንካ'ውን፡ ከም ስራሕ ኣልቦነት እዩ ዝሕሰብ።
- ቅድሚ ሕጂ ዝነበረካ ትምህርቲ ሓጺር ኮይኑ፡ ስራሕ ንምርካብ መባእታዊ ትምህርቲ ወይ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ምዝዛም ዘድልየካ ኢኻ። እዚ፡ በቲ እትቕመጠሉ ኮሙን'ዩ ዚግምገም።
- ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ደገፍ ትምህርቲ ኣይተቐበልካን።
- እንተ ወሓደ ንሰለስተ ሰሙን፡ 50 ሚእታዊ ናይ ምሉእ ግዜ እትመሃር ክትከውን ኣለካ።

ቅድሚ ሕጂ ልቓሕ ትምህርቲ እንተ ኔሩካ፡ ልቓሕ ናይ ምምላስ ግቡእካ ከተደናጉ የብልካን። ብዛዕባ'ዚ ሕቶታት እንተሎካ፡ ምስ ሲኤስኤን (CSN) ርክብ ግበር።

ንዚሕተት ጠለብ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ csn.se ኣንብብ።

CSN nr. 2813J/2111/översättning av 2813A-2111

ዜጋታት ወጻኢ ሃገር'ውን፡ ነቶም ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ መሰል ንምርካብ ዚጥለቡ ጠለባት ከማልኡ ኣለዎም። ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) ሃልዩካ ኣብ ሽወደን ትቕመጥ እንተ ኾይንካ፡ ደገፍ ትምህርቲ ሽወደን ክትወስድ ከምቲ ልሙድ መሰል ኣሎካ። እዚ፡ ነቶም ካብ ቦርድ ሚግረሽን ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ ንዝወሰዱ ከይተረፈ ይምልከት'ዩ፤ ምኽንያቱ ከም ስደተኛታት ወይ ተመሳሳሊ ስለ ዚቝጸሩ። ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ (PUT) እንተ ዘይብልካ፡ ወይ ከም ስደተኛ ዘይትቝጸር እንተ ኾይንካ፡ ከከም ዜግነትካ ዝተፈላለዩ መምርሒታት ኣለዉ።

## ንኽንደይ እዋን ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል፧

ምሉእ ግዜ ትመሃር እንተ ኾይንካ፡ እንተ ነውሐ ን350 ሰሙናት ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ትወስድ። ፍርቂ ግዜ ትመሃር እንተ ኾይንካ ግን፡ እዚ 100 ሰሙናት ምኺኑ'ዩ። እተዕብዮ ቈልዓ እንተሎካ፡ ተወሳኺ ሓገዝ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። መወሰኽታ ሓገዝ (tilläggsbidrag) ይበሃል።

እቲ ዚወሃብ ወቕታዊ ድምር ገንዘብ ኣብ csn.se ርኣዮ።

## ከመይ ጌርካ ትሓትት፧

ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ኣብቲ እትቕጠሉ ኮሙን ኢኻ ትሓትት። ዓመት-ዓመት፡ ንደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ዚኸውን ድምር ገንዘብ ትወስድ። ክንደይ ዚኣኽሉ ሰባት ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ከም ዚወስዱ ዚውስኖ ከኣ እዚ'ዩ። ኣብ ሲኤስኤን ብቐጥታ ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ።

በዚ ዚስዕብ ኣገባብ ይካየድ፡-

1. ጠለብ ከተእቱ፡ ኣብቲ እትቕመጠሉ ኮሙን መን ኪሕግዘካ ከም ዚኽእል ንምፍላጥ፡ ምስ ኣብ ቤጽ መራኸብቲ ስራሕ (ኣርቤትስፎርመድሊንገን) ዘሎ ፈጻሚ ጕዳይካ ወይ ምስቲ ኮሙን ተዘረብ።
2. መደባት ትምህርቲ ከተውጽእን ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ክትሓትትን ኣብቲ እትቕመጠሉ ኮሙን ሓገዝ ትረክብ ኢኻ። ምስቶም ሓገዝ ኪወስዱ ዚኽእሉ ጕጅለ ትቝጻርን ዘይትቝጻርን (ንኣብነት ሓጺር ናይ ትምህርቲ ተመኩሮ እንተሎካ) ንምፍላጥ'ውን እቲ ኮሙን መጽናዕቲ የካይድ'ዩ። ብድሕሪኡ ንሕቶኻ ናብ ሲኤስኤን ይልእኽዎ።
3. ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ንምርካብ ዝተረፉ ኩነታት ተማልእን ዘይተማልእን ንምፍላጥ ሲኤስኤን መጽናዕቲ የካይድ፤ ናባኻ ከኣ ውሳነኡ ይልእኽ። ከም ዜጋ ወጻኢ ሃገር መጠን ክልተ ውሳነታት ይመጽኣካ። እቲ ሓደ፡ ከም ዜጋ ወጻኢ ሃገር መጠን ዘሎካ መሰል ትምህርታዊ ደገፍ ሽወደን ይምልከት፤ እቲ ሓደ ከኣ ንደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ዘሎካ መሰል ይምልከት።

CSN nr. 2813J/2111/översättning av 2813A-2111

## ክትመሃር ከለኻ ክትሓስበሉ ዘድልየካ ነገር

እንተ ሓሚምካ፡ ወይ ቈልዓ ኣለይመለይ ክትብል ኣብ ገዛ እንተ ውዒልካ ወይ ኣብ ትምህርትኻ ገለ ለውጢ እንተ ኣጋጢሙ፡ ኮሉሳዕ ሓብር።

- እንተ ሓሚምካ፡ ንቤ/ጽ ውሕስነት ካሳ (Försäkringskassan) ሓብሮም። እቲ ዚወሃበካ ዘሎ ሓገዝ ከም ዘለዎ ይቕጽል፤ ሽዑ እቲ ካባኻ ኣብ ውጽኢት ትምህርቲ ዚጥለብ ጠለብ ከኣ ትሕት ይብል።
- ቈልዓ ኣለይመለይ ክትብል ኣብ ገዛ እንተ ውዒልካ፡ ንሲኤስኤን ሓብር። እቲ ዚርከብ ረብሓ፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ግዜ ሕማም'ዩ።
- ኮርስ እንተ ኣቋሪጽካ፡ ወይ ካብቲ ዝመደብካዮ ውሕድ ዝበለ ነጥቢ ትምህርቲ (poäng) ትመሃር እንተ ኾይንካ፡ እቲ ዚግባእ ድምር ገንዘብ ክንከፍለካ ምእንቲ ንሲኤስኤን ሓብር። ካብኡ ዝተረፈ ዝወሰድካዮ ዚያዳ ገንዘብ ክትመልስ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።
- ቀጻሊ ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ወይ ትምህታዊ ደገፍ ሲኤስኤን ክትረክብ ፡ ዚኣክል ነጥቢ ትምህርቲ ወይ ኮርሳት ተማሂርካ ክትዛዝም ኣለካ። ኵሉሳዕ ሓድሽ ጠለብ ከተእቱ ከለኻ፡ ሲኤስኤን ንውጽኢት ትምህርትኻ ይርእዮ። ይኹን እምበር፡ ብእትመሃሮ ትምህርቲ እንተ ዘይሓሊፍካ ንዝወሰድካዮ ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ክትመልስ ኣይትግደድን ኢኻ።

## ድሕሪ ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ዘሎ ግዜ እንታይ ይስዕብ፧

እተን ደገፍ ፈለማ ትምህርቲ ዝወሰድካለን ሰሙናት ምስ ኣብቅዓ ትምህርትኻ ክትቅጽል ድላይ እንተሎካ፡ ካብ ሲኤስኤን ትምህርታዊ ደገፍ (studiemedel) ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ትምህርታዊ ደገፍ (studiemedel) ሓገዝን ልቓሕን ዘጣመረ'ዩ። ሓገዝ ጥራይ ክትወስድ፡ ወይ ነቲ ሓገዝ ምስ ልቓሑ ክትወስዶ እትውስን ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ። እቲ እትልቅሖ ገንዘብ ትመልሶ ኢኻ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ሲኤስኤን (CSN)

ወኪል ደገፍ ትምህርቲ ሽወደን (Centrala studiestödsnämnden (CSN) ንደገፍ ትምህርቲ ዘመሓድር ትካል መንግስቲ ሽወደን'ዩ። ካልኦት ሓገዛትን ልቓሓትን ትምህርቲ'ውን ነመሓድር ኢና። ስርዓት ትምህርታዊ ደገፍ ሽወደን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለምና ለጋሳት ተባሂሎም ዚፍለጡ ኣገባባት'ዩ። ሳላ'ዚ ቊጠባዊ ዕድል'ዚ፡ ኵሉ ኣብ ሽወደን ዘሎ ተቐማጢ፡ ማሕበራዊ፡ ቊጠባዊን ጆግራፊዊን ድሕረባይትኡ ብዘየገድስ፡ ኪመሃር ኣኽእሎ ይረክብ።

**ሕቶታት ኣሎካዶ፧** ኣብ csn.se ብዙሓት መልስታት ክትረክብ ኢኻ። ብመካነ-መርበብ (ኢንተርነት)፡ ብፈይስቡክ ወይ ብቝጽሪ ቴለፎን 0771-276 000 እውን ሕቶታት ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

CSN nr. 2813J/2111/översättning av 2813A-2111